ስርቂ፡ ምድንጋር፡ ኣካላዊ ማህሰይቲ። ገበናዊ ሕጊ ጀርመን ብኸመይ ይዓይይ?

ጀርመን ናጻ ሃገር'ኳ እንተ ኾነት፡ ነፍስወከፍ ሰብ ኬኽብሮም ዚግባእ ሕግታት ግና ኣለዉዋ። መንግስቲ ብመገዲ እቲ ብፓርላማኡ ድምጺ እተዋህቦ ሕግታት ኣቢሉነቲ ዘይሕጋዊ ዚበሃል ነገር ይቌጻጸሮ። ገበናዊ ሕግታት ንኣገደስቲ መሰላትን ረብሓታትን ብፍሉይ ጸወን ይኾንዎም። ጽሟቅ ናይ'ዞም ደንቢታት መቅጽዒ ገበነኛ ኣብቲ ገበናዊ ሕጊ ተዋሂቡ'ሎ።

ብጭቡጥ እዚ ማለት፡-
ኣካላዊ ጒነጽ ኣንጻር ዝኾነ ሰብ ክልኩል እዩ፡ ዋላ'ውን ኣብ መጻምድትን ስድራቤትን። ዋላ'ውን ክንከፍሎ ከም ዘይንኽእል እናፈለጥና፡ ገለ ነገር ምዕዳግ፡ ወይ ብዘይ ቲኬት ኣውቶቡስ ምስራር፡ ኣይፍቀድን። ዝኾነ ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ፡ ዋላ'ውን በቲ ዝወሓደ መጠን፡ ዝሓዘ ወይ እተሻየጠ ይቕጻዕ። እዚ፡ ንኣብነት፡ ንሓሽሽን ንማሪዋናን ይምልከት።
ህዝባዊ ኣኽባሪ ሕጊ ገበናዊ ኽስስታት ንኺምስረት መዝነት ኣለዎ። ገበናዊ በደል ተፈጺሙ ተባሂሉ ምስ ዚትርጠር ጣልቃ ይኣቱ። ፖሊስ ድማ ይተሓጋገዞ ። በደል ኪፍጸም ምስ እትርእይ ወይ ግዳይ ገበን ምስ እትኸውን፡ ናብ ፖሊስ ደውል። ብዛዕባ እቲ ተርእዮ ብኣጋ ምስ ዚሕበሮ፡ ብኣጋ ጣልቃ ኣትዩ መርትዖ ኺጭብጥ ይኽእል። ሓላፍነት ፖሊስ ግና ምምርማር ጥራይ ኣይኰነን፡- ንግዳያት ጸወን ይኾኖም፡ ብዛዕባ ኣገልግሎታት ረድኤት ይሕብሮምን ናብኣተን ይመርሑምን። ሚኒስትሪ ህዝቢ ከምኡ'ውን ኣኽባሪ ሕግን ዚኾነ ፖሊስን ነቲ ኽስን ምላሹን ኬብርህዎ ይግባእ። ጾታ፡ ዜግነትን ሃይማኖትን ጥርጡር ኣብዚ ዚጻወትዎ ግደ የልቦን። ብመሰረት ሕጊ ጀርመን፡  ኣብያተ-ፍርዲ፡ ቤት-ጽሕፈት ኣኽባሪ ሕግን ፖሊስን ኵሉ ሰብ ማዕረ እዩ።
ገበናዊ በደላት ወይ ንኣታቶም ንምጭፍላቕ ዚውሰድ ስጒምቲ ብውልቀ-ሰባት፡ ብሃይማኖታውያን ወይ ብመንጎኛታት ኪሰላሰል የብሉን። እዚ እንኮ ብቕዓት ፖሊስ፡ ኣገልግሎት ኣኽባሪ ሕግን ኣብያተ-ፍርድን እዩ። ዘይቤ "እተባሕተ ሓይሊ" መንግስቲ እምበኣር እዚ እዩ።
ኣብ መብዛሕትኡ ገበናዊ ኽስስታት፡ ዋላ'ውን ጥርዓን እንተ ተሳሕበ፡ ኣኽባሪ ሕግን ፖሊስን መርመራኦም ኪቕጽልዎ ይግባእ።

ሓደ ገበን ኪረጋገጽ ምስ ዚከኣል፡ ኣኽባሪ ሕጊ ነቲ ኽስሲ ናብ ቤት-ፍርዲ ይመልሶ ወይ ነቲ ኽስታት ይዓጽዎ። ጥርጡር ነቲ ገበን ፈጺምዎ እንተ ኾይኑ ቤት-ፍርዲ ይርእዮ። መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ነፍስወከፍ ግዱስ ነቲ መስርሕ መታን ኪግንዘቦ ኣብ ክፉት መጋባእያ ይሰላሰል።
ኣብቲ መጋባእያ፡ ቤት-ፍርዲ እንተላይ ንመሰኻኽር ይምርምሮም። ሓቂ ኺምስክሩ ግዴታ ኣለዎም፡ ካብኡ ዝተረፈ ንሳቶም'ውን ኪቕጽዑ ይኽእሉ። ኣብ መዛዘሚ እቲ መጋባእያ ቤት-ፍርዲ ይብይን። ቤት-ፍርዲ ምስቲ መሰረታዊ ሕግን ፓርላማ ምስ ዜጽድቖም ሕግታትን ጥራይ ምትእስሳር ዘለዎ ናጻ ኣካል እዩ።

